ወዲ ሰብ ክብረቱ መንነቱ እዩ።
ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ መንነቱ ሂወቱ ከፊሉ።
ክብረቱ ኣረጋጊጹ።

ሓደ ግዜ ሓንቲ ብዕድመ ዝደፍአ ኣደ ኣብ ሃገረሰ ዝነብራ ኣብ ገበላ ህድሞኤን ኮፍ ኢለን ነታ ብርሃና ክትጽንቅቕ ቁሩብ ተሪፉዋ ዝነበረት ጸሓይ ሙቕታ የስተማቕራ ነበራ። እንተኾነ ግን ጸሓይ ሰዓታ ቖጺራ ብድሕሪ እቲ ዓቢ ጎቦ ኣማዕዲኻ ዝርኤ ከትከወል ጀመረት። ብርሃን ግዜኡ ኣኢኪሉ ጸልማት ተራኡ ክርከብ ተበገሰ። ወየን ኣደ በቲ ዝረኸብኦ ሙቐት ዕራርቦ ጸሓይ ስለ ዘይዓገባ፡ ንወዲ ወደን ጸዊኤን እስከ እቲ ድርዕቶ ሃበኒ በልኦ እሞ ድርዕቶኤን ተጎምጉመን ኣብ ገበላ ኮፍ ምባል ኣስተማቐርኦ። እዋን እናጸልመተ ከደ። ጽልግልግ ኮነ። ኣማዕዲኻ ናይ ምርኣይ ዕድልውን ተገትኤ። እዝኒ ግን ስርሑ ኣየቋረጸን።

ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ሻሕ-ሻሕ-ሻሕ ዝብል ድምጺ ሰምዓ። እንታይ ምኻ ከለልያ ጸገም። መን ኢካ ትሓልፍ ዘሎኻ ኢለን ሓተታ። መልሲ ግን ኣይረኸባን። ኣሓ ደኾን ኮይነን ሃይለ(ንወዲ ወደን) ሃይለ ናዓስከ፡ ናይ እንዳመን ኣሓየን ዝሓልፋ ዘለዋ ረኣየን በልኦ። ሃይለ ግን ዓባይ መሓስእ የጣቡ ኣለኹ በልን። ዶ ኢለ ስቕ በላ። እቲ ድምጺ ግን ኣየቋረጸን። እዋእ እምበርደኸ ኣሓየን ክንድዚ መጋሪኣ ድኣ ካበይ ዝመጻ ኮይነን፡ ኢለን ብድድ በላሞ ናብቲ ድምጺ ዘለዎ ገጸን ተጓዕዛ። ብሃንደበት እቲ ድምጺ ኣቋረጸ። ወይ ጉድ እንታይ ታኣምራቱ እዩ ኢለን ተገረማ። ኣንታ ሃይለ ወዲእካዶ ንዓስከ ቀልጥፍ በሎኦ።

ሃይለ እናዕዘምዘመ ዓባየ መሓስእ የጣቡ ኣሎኹ እናበልኩኺ ትህውኽኒ ኢሊ እንታይ ደሊኺ ክብልን ሓደ ተጋዳላይ ድሓንዶ ኣምስኹም ክብሎምን ከምሓደ ኾነ። ወዮ ቖልዓ ሰምቢዱ ስቕ በለ። እተን ኣደ ግን ደሓንዶ ኣምሲኻ መንኢኻ ኮፈል ፡ ሃይለ መምበር ሰሓበሉ በልኦ። ሃይለ ግን ፈዘዘ። ምዮ ጋሻ ድሓን ኣደ ተሃዊኽ ኣሎኹ፡ ማንጆስ ኣጓቡዝ ወይ ሰብኡት እንተለዉ ጸውዓለይ በለሞ። ወይ ኣደ ማንጆስ ምስ ሰምዓ እልልታ ደርጉሔኦ። ጠንበርበር እናበላ ተስኣሞ ተጋዳላይ እዩ ዝከውን ኢለን ሓቑፈን ሰዓመኦ። እወ ብሓቂ ተጋዳላይ። ሃይለ ናዓ ሰብኡት ድኣ እንታይ ክስንክቱ፡ ንኹለ ኣንስቲ መንግስትና መንግስት ገድሊ መጺኣም ኣለዉ ድራር ቀልጢፍክን ግበራሎም፡ ንዕነ ቀልጥፉ በለን። ነቦኻ ንዓ ቀልጢፍካ ዓባየ ትጽዋዓካ ኣላ በሎ ቀልጥፍ በልኦ ። ወዮ ተጋዳላይ ታሕጓስን ሰሓቕን ሕንቅንቅን ኩሉ ተፈራረቖ።

ኣትን ኣደይ እንታይ ከምዝደለኹ ከይፈለጥክን በለን እሞ፡ ወየን ኣደ እንታይ ምፍላጥ ደለሉ ወይለያደኻ ኢለን ደጋጊመን ሰዓመኦ። ትእዛዝ ዝዓይነቱ ኮፍ በል በለኦ። ንቁሩብ ደቓይቕ ዝን በላሞ፡ ከመይ ኣሎኩም ኣቱም ቡሩኻት ኢለን ናይ ናፍቖት ንብዓት ጸረር ጸረር ኣበላ። ወዮ ተጋዳላይ ብለውሃተን ተገሪሙ ዓሙቕ ኣስተንፈሰ። ሳላ ጾሎት ህዝብና እንታይ ከይንኸውን ኣደ ጽቡቕ ኣሎና በለን። ኣህ ዋይ ኣነ ዳሽ ዕድመባ ተጻወተልይ። እንተወሓደ ሕብሩኹም ከይርኢ እዛ ጸልማት ሎሚ ቀልጢፉ መጺኣ። እዋይ ኣነ እናበላ ክቱር ዘለወን ናፍቖት ገለጻ።

ወደን ደበኽ ኢሉ መጸ። ኪድ ካብተን ኣጣል ኢለን ... ዘረበኤን ከይወድኣ ኣንቱም ብሩኻት ክንደይ ኣጣል ይኣኽለኹም ኢለን ነቲ ተጋዳላይ ሓተትኦ። ኣደ በለሞ፡ ዝሓተትኩኻ መልሰለይ በልኦ። ድሓን ኣደ ተደሪርና ኢና፣ ሕጂ ግን እንተለዋኹም ሸውዓተ (7) ኣእዱግን ኣርባዕተ ሰብኡትን ብቑልጡፍ ንደሊ ኣሎና በሎ። ወየን ኣደ ከይበላዕኩም ክትከዱ፡ ንወደን ክልተ ኣጣል ክልተ ኣባጊዕን ምስተን ኣእዱግ ከብክበሎም ምስ ኣዕረፉ መረቕ እንተኾኖም ኢለ ኣዘዝኦ እሞ፡

ነቶም ተጋደልቲ ኣጆኹም እዞም ደቀይ ንሕና ብጦብያ ( ኢትዮጵያ ) ማለተን እየን ኣይንግዛእን ኢና። አረትራ ( ኤርትራውያን ) ኢና ማለተን እዩ። ደምና ፍሉጥ ዓጽምና ፍሉጥ ኣጆኹም እንታይሞ ኣሪገ እምበር ምሳኹም ጠበንጃ ተሰኪመ ምሓገዝኩኹም እንዶ። ጽኑዕ ርገጹ፡ እሾኽ ኣይጋእኩም፡ እምኒ ኣይዓንቅፍኩም፡ ዓይኒ ኣባይ ይድፈነልኩም ኢለን መሪቐን ኣፋነውኣኦም። ወዮ ተጋዳላይ ብዘይ ግደ ኣደታትና ሰውራና እንታይኮን ምኾነ ኢሉ ብጣዕሚ ተገረመ።

እዘን ኣደ ድሕሪ መሪቐን ምፍናወን ንኣምላኽ ከማርራ እየን ሓዲረን። ሓደ ምእራገን፣ ካልኣይ ጸልማት ስለ ዝነበረ ነቶም ተጋደልቲ ከይረኣየኦም ምኻዶም። ካብዘን ኣደ ዝተገንዘብናዮ ነገር እተሎ ብዘይ መንነት ክብሪ ከምዘየለ፣ መንነት ንምዕቃብ ሂወት ከም ዝኸፈሎ፣ መንነት ከምዘይሸየጥ ከምዘይልወጥ፡ ተረዲኣና ኣሎና። በዚ ኣጋጣሚ ንኹለን ኣደታት ኤርትራውያን ስለ እቲ ጸኒዕክን ዘጽናዕክናና ሞጎስ ይብጻሕክን። እዚ ሓቀኛ ታሪኽ ናይ ሓንቲ እደ እዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማኣታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር